# ሓታትነት ገበናት ከይደጋገስ

ዕንደራ ወያነ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ኮነ ካልእ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዘስዓቦ መቕዘፍቲን ዕንወትን፡ ኣብዚ ዘለናዮ 21 ዘመን፡ ዛጊት መዳርግቲ የብሉን። ኣዝዩ ዘሰንብድ፡ ዘሕንኽ ዛንታ ናይዛ ብስልጡን መትከላትን ሕጋውነትን እትመጻደቕ ዓለምና እውን እዩ። ዘሕፍር ኢ.ልካ ጥራይ ግን ዝሕለፍ ኣይኮነን። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ቃለ-መጠይቕ ዝሓለፈ ሰንበት ከምዘጉልሖ፡ ከምዚ ዓይነት መሰኽሕ ገበናት ተፈጺሙ፡ ተሓታቲ ዘይብሉ ብዕበጦ ዕበጦ ክሕለፍ ቅኑዕ ኣይኮነን። ከመይሲ፦ - ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ክሕደትን ቅንጸላን፡ "ህዝባዊ ኲናት" ብዝብል ድንቍርና፡ ኣማኢት ኣሽሓት መንእሰያት ትግራይ እንተላይ መዓንጣ ዘይቆጸሩ ቆልዑ ብማዕበላት ናብ መጋርያ ጠቢስካ፡ 'ንትግራይ ዘይከውን ብጥይት በልዎ' እናበልካ ዝተፈጸመ ጭካነ፡ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ፍጹም ዘይተራእየ ዘሰቕቕ ኣረሜንነት እዩ።

ዕላማ ዘይብሉ ኲናት ብምውላዕ፡ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ወሪዱ ዘሎ መቕዘፍቲን ዕንወትን፡ 'ዝወራረድ ሕሳብ ኣለና' እናተባህለ፡ መሬት ኣምሓራን ዓፋርን ብምውራር፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ቅትለትን ግፍዒን፡ ኣብ ትካላት መንግስቲን ማሕበረሰብን፡ ኣብ ንብረት ህዝቢ ዝወረደ ገዚፍ ዕንወትን ራስያን ከም ሻሙ ዝሕለፍ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ውሽጡ ዘደንጹ ዝርዝራት ዘለዎ ዘስገድግድ ገበናት'ዚ፡ ጃንዳ ወያነ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ክትብል፡ ኣብ ልዕሊ ሕሉፍ ገበናታ ዝደርዓቶ ተወሳኺ ገበን'ዩ። ንድሕሪት ተመሊስካ፡ እዛ ጃንዳ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኹን ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸመቶ ገበናት መጠኑ ክትልክዮ እውን ዘጸግም እዩ። - ዓሌታዊን ኣናጃቲን ፖለቲካ ወያነ፡ ን27 ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ዘስዓቦ መቕዘፍቲን ዕንወትን፡ ሓድግታቱ ክሳብ ሕጂ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝስሕኖ ዘሎ፡ ጃንዳ ወያነ ብፍላጥ ዝኣጎደቶ ሓዊ ምዃኑ ዝጠፍኦ የለን።

ምስ ናይ ውሽጢን ግዳምን መሳርቕቲ ተሻሪኻ ዝዝመተቶ ሃብቲ ሃገር ከኣ፡ ኢትዮጵያውያን ከም ዘይናቶም ዝጥምትዎ ኣይኮነን። - "ባድመ ናትና'ያ" ብዝብል ውጹእ ሓሶት፡ ብህይወትን ጸጋታትን ሃገር ዝተኻየደ ዘይምኹኑይ ወራር፡ ኣብ ልዕሊ 80 ሺሕ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ግፍዒን ራስያን ምስጓግን፡ ብወራር ኣብ ዝተበጽሐ መሬት ኤርትራ ዝተኻየደ ዝምታን ዕንወትን፡ ብዘይ ተሓታትነት ንታሪኽ ንግደፎ ዝበሃል ኣይኮነን። - ጃንዳ ወያነ ንረብሓ ሓይልታት ግዳም ክትክድም፡ ን20 ዓመታት ትግባረ ብይን ዓንቂጻ፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን

***ዝፈጠረቶ ኲነተ ጽልኢን ተጻብኦን፡ ንክልቲኦም ህዝብታት ዘኽሰረቶም ግዜን ዕድላትን ዞባዊ ጽልዋኡን ማህሰይቱን እውን ይቕረ ዝበሃሎ ኣይኮነን። እዚ ዝተጠቕሰ ካብቲ ወያነ ኣብ ዘመነ ስልጣናን ድሕሪኡን ዝፈጸመቶ ማእለያ ዘይብሉ ገበናት እቲ ዝኀልሐ ኮይኑ፡ ሃንደስቲን መራሕትን ናይዚ ገበናት'ዚ፡ እንትርፎ ጸቢብ ረብሓታቶም ስቓይ ህዝቢ ዘይዓጦም ዕማኹ ስሱዓት እዮም።***

***ገለ ካብኣቶም ድሮ ፍርዶም ረኺቦም ኣለዉ። ዝተረፉ ከኣ ፍርዶም ክቕበሉ ግቡእ'ዩ። ተሓተትቲ ግን ንሳቶም ጥራይ ኣይኮኑን። ጃንዳ ወያነ ነዚ ጽዩፍ ገበናት'ዚ ክትፍጽም*** 27 ***ዓመታት ዝሓብሓቡዋን ዘተባብዑዋን፡ ንሱ ከይኣክል፡ ናብዚ ዳሕረዋይ ዕንደራ ዝድረኹዋ፡ 'ሃዋርያ ግዝኣተ-ሕግን ሰብኣውነትን' ኢና ዝብሉ ኣሸቀልቲ እውን፡ ከም ጲላጦስ ኢድና ሕጹብ ክብሉ ኣይክእሉን፡ ኣህጉራዊ ሕጊ እንተሎ ብዝለዓለ ደረጃ ተሓተትቲ እዮም። ከምቲ ሓደ ለባም ትግራዋይ፡ "ሕጂ ዘሎ ዝዓበየ ስግኣትና፡ ናብዚ ደልሃመት'ዚ ዘእተወና መሪሕነት፡ ምንም ዘጥፍአ ኮይኑ ዘይስምዖ ምዃኑ'ዩ" ዝበሎ፡ ገበን ሓላፍነት ዝወስደሉ ኣካል እንተዘየለ፡ ንሃገርን ህዝብን ዕቑር ስግኣት'ዩ። ህዝብታት ሓደ ሃገር ንሓድሕዶም ይኹን ምስ ጎረባብቶም ብፍቕርን ስኒትን ብሓባር ክነብሩ ጸገም የብሎምን። ጸገም ዝፈጥሩ ኩሉ ግዜ ዕማኾ ዓንደርቲ እዮም። ዝሓለፈ ተሞኩሮ ንተካኣይ መሪሕ መምሃሪ ኮይኑ፡ ገበናት ከይደጋገስ፡ ህዝብታት ሰላምን ቅሳነትን ክረኽቡ እምበኣር፡ ገበነኛታት ክሕተቱ ግቡእ'ዩ።***

***ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ***

16 **ለካቲት** 2023